ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الأرتري
ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

Our ref.No. ______________ Date ______________

Your ref.No. ______________

27-06-2008

## ጋዜጣዊ መግለጺ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ዝምድናታት (ኪዳን)
## ብዛዕባ ኤርትራውያን ሃገረ ሊብያ ትሰጎም ዘላ

ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣብ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኪዳን ነቲ ጸብጻብን ወረን ምስጋግ ኤርትራውያን ካብ ግብጺ ተኸታቲሉ፡ ብመሰረት እቶም ሊብያ ትሰጎም ዘላ ኤርትራውያን፡ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ሕማቕ ተግባራት ካብ ሃገሮም ኤርትራ ዝተፋናቐሉ እዮም። ናብ ሊብያ መምጺኢኦም ድማ ኣብ ሊብያ ንምቕማጥን ናብ ካልኦት ሃግራት ንምስግጋርን፡ ካብ ስርዓት ህግደፍ ተገላጊሎም ሰላምን ጸጥታን ዘለዎ መነባብሮ ክንብሩ ኢሎም እዮም።

ከምኡውን እቶም ቅድሚ ሕጂ ካብ ሃገራት ማልታን፡ ሊብያን ዝተሰጎጉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ስረዓት ህግደፍ ቀጥታ ተቐቢሉ ብምእሳርን ኣብ ወትሃደራዊ ማዓስከራት ብምድጓንን ገለ ካብኣቶም ድማ ኣብ ቅድሚ ብጾቶም ተረሺኖም (ተቐቲሎምን) እዮም። ስለዚ ኪዳን ብዘለዋ እምነትን ባህልን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ሊብያን፡ ግደ መንግስቲ ሊብያ ኣብ ምድጋፍ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ስለዚ፡-

1. ሃገር ሊብያ ነዞም ስደተኛታት ኤርትራውያን ናብ ኤርትራ ከይትሰዶም ይጽውዕ፡ ሂወቶም ንምድሓንን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝወርዶም ሽግርን መከራን ንምድሓንን።

2. መንግስቲ ሊብያ ነቶም ናብ ኤርትራ ዝሰጎጎቶም ኤርትራውያን ሂወቶም ንምዕቃብን ሃለዋቶም ንምክትታልን ኣብ ልዕሊ ስረዓት ህግደፍ ጸቕጢ ክትገብር ንጽውዕ።

3. ኤርትራውያን ብዘይ ድልየቶም ካብ ሃገሮም ይፈናቐሉ ስለ ዘለዉ እዞም ሰባት እዚኣቶም ስደተኛታት ተባሂሉ ክጽዋዕ ይካኣል። ስለዚ መንግስቲ ሊብያ ምስቶም ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት፡ እቶም ካብ ሊብያ ዘይተሶጎጎ ኤርትራውያን ኣብ ሊብያ ይኹን ወይ ድማ ኣብ ካሎኦት ሃገራት ሽግሮም ንምፍታሕ ግዲኣ ከተበርክት ይጸውዕ።
4. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዘለዎ ዓቕሚ ምስ ዕላዊ ሽነኻት ሊብያ ኣብ ምፍታሕ ሽግሮም ግዲኡ ከበርክት ምኻኑ የረጋግጽ።

5. ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣብ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ምስቶም ነዚ ጉዳይ ዝምለከቶም ኣህጉራውን ሰብኣውን ትካላት ዕዙዝ ግደ ክጻወታ ዝኽእላ ሃገራትን ነዞም ኣብ ሐደጋ ወዲቖም ዘለዉ ኤርትራውያን ንምድሓን ዝካኣሎ ጻዕርታት ይገብር ከምዘሎን፡ ሕጅውን ይቕጽሎ ኣሎ።
6. ኤርተራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ኤምባሲ ሊብያ ዘቕረቦ መሞረንደም ብዓይኒ ተገዳስነት ክውሰድ ይሓትት።

7. ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ብሰላማዊ ሰልፊ ይኹን መሞረንደም ብምቕራብ ነዞም ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ዘለዉ ስደተኛታት ንምድሓን ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ፥ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኪዳን ነዚ ዕዙዝ ተረኣምዚ ብምምጓስ ንኹሎም ኣብ ወጻእ ዝርከቡ ህዝቢ ኤርትራ ምስዘን ሲቪካውያን ማሕበራት ግዲኦም ከበርክቱ ይጽውዕ።

ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት
ኣብ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን